# ንዝኽሪ ልኡል ዘውደ ሞጎስ

መንእሰይ ልኡል ዘውደ ሞጎስ  ካብ ኣባኡ ኣቶ ዘውደ ሞጎስ ኣመናይን ካብ ኣዲኡ ወ/ሮ ብርጭቆ ስብሓትን ብዕለት 21 ነሓሰ 1969 ኣብ ኣስመራ ገጀረት ተወሊዱ ። ኣብ 1975 በቲ ኣብ ከተማታት ሃገርና ዝነበረ ኩነታት ምስ ወለዱን ኣሕዋቱን ናብ ዓዶም  እንበራዓንዲ ኣውራጃ ኣከለጉዛይ ከዱ። ይኹን እምበር ኩናታት መግዛእቲ እናኸፍአ ስለዝመጸን እታ ስድራ'ውን ግዳይ ኣደራዕ መግዛእቲ ስለዝኾነትን ልኡልን ኩሎም ስድርኡን ኣብ ትሕቲ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ዝነበረ መደበር ተሃድሶ (ዕቑባ ኤርትራዊያን) ኣምርሑ።

ኣብ ሱዳን ዶብ ክሳዕ መወዳእታ 1981 ድሕሪ ምጽናሕ ቀጺሎም  ናብ ሃገር ሱዳን ንሰደት ኣምርሑ።እንተኾነ ስደት በዚ ኣየብቅዐን። ብነሓሰ 1983 ድማ  ናብ ሃገረ ኣመሪካ መጹ። መንእሰይ ልኡል ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቱ ድሕሪ ምወድኡ ብዙሕ ጥዕና ኣይረኸበን።  ኣብ ስርሓት ጽገና ኣካላት መካይን ማለት ኣውቶ ባዲ ጀሚሩ ሂወቱ ክመርሕ ጀመረ።

ልኡል  ትሑትን ምቕሉላን ምስ ኩሉ ተሳንዩ ዝኸይድ ምስጉንን ኣብነታውን መንእሰይ እዩ ነይሩ። ብዝነበሮ ናይ ስነጥበብ፡ ብፍላይ ናይ ሙዚቃ ዝንባለን ክእለትን ንማሕበረሰብ ኤርትራውያን ኣብ ምዝንጋዕን፡ ባህሊ ኣብ ምዕቃብን ልዑል ተራ ነይርዎ ።

ልኡል ብዝወረዶ ናይ ሓጺር ግዜ ሕማም  ኣብ ትሕቲ ሕክማና ክእለ ድሕሪ ምጽናሕ ከኣ ኣብ ሸዊት ዕድሚኡ ብሰንበት 14 ለካቲት 2010 ሰዓት 12፡00 ኣብ ሳንታ ሮዛ ብሞት ተፈልዩ። ልኡል በዓል ሓዳርን ኣቦ 6 ቆልዑን እዩ ነይሩ። ስነስርዓት ቀብሩ ንቐዳም 20 ለካቲት 2010 ኮይኑ ፍትሓት ሰዓት 10፡00 ተጀሚሩ ሓመድ ኣዳም ዝለብሰሉ ድማ ሰዓት 12፡00 ክኸውን እዩ።

ፍትሓት ዝካየደሉ St. Seraphim of Sarov Orthodox Church  90 Mountan View Avenue, Santa Rosa, CA እዩ። ሓመድ ዝለብሰሉ ቦታ ከኣ Santa Rosa Memorial Park 1900 Franklin Ave, Santa Rosa, CA እዩ።

# In loving Memory of Loul Zewde Mogose

Loul was born on August 21, 1969 in Asmara, Eritrea to Mr. Zewde Mogose and Mrs. Birchiqo Sebhat. At a very early age, due to the political unrest in Asmara, Loul and his family moved to Emberaandi, the birthplace of his father. However, the situation did not change much; and Loul and his family were displaced to live in a refugee camp under the Eritrean Liberation Front (ELF).

In 1981 they sought refuge in the Sudan. In August 1983 they moved to the US and made Santa Rosa their home.

After graduating from high School, Loul worked as a technician in auto body workshop; but due to health situation he could not maintain the position.

Loul enjoyed art, and played vital role with his musical talent among the Eritrean Community in the Bay Area.

Loul passed away on February 14, 2010 at noon with his family by his side in Santa Rosa, CA.

Loul was a modest and sociable person and will be missed by his family, friends, and the Eritrean community in the greater Bay Area and beyond.

Loul is survived by his mother Mrs. Birchiqo Sebhat, his wife Mrs. Tsehaynesh Kidane, and his daughters Leah, Ocea, Haben, Merhawit, Mona; his son Robel, and his brothers and sisters.

A service will be held at 10 a.m. on Saturday February 20, 2010 at St. Seraphim of Sarov Orthodox Church, 90 Mountain View Avenue, Santa Rosa, CA to be followed by Interment at 12:00 PM in Santa Rosa Memorial Park, 1900 Franklin Avenue, Santa Rosa, CA.